# ስትራተጂካዊ ዕላማና እንታይ ይኹን?

## ንስትርተጅካዊ ዕላማና ዋሕስ ዝኸውን ዲሞክራስያዊ ሓይሊ ከመይ ዝመስል እዩ?

ንስርዓት ህግድፍ ኣልጊስካ ፍትሓውን ዲሞክራስያውን ስርዓት ምትካል ዝብል ዕማም ምስ ድኽነት ስዒርካ ብልጽግቲ ኤርትራ ምህናጽ ዝብል ዓብይ ዕላማ ብጽኑዕ ተኣሳሲሩ ክተሓሓዝ እንተኺኢሉ ኣቕጣጫ ቃልስና ንጹር ክኸውን ግድን እዩ። ኣብ ከምዚ ዝመስል ጐደና ተኣማሚና ክንጓዓዝ ከኣ ካብ ህሉው ስርርዕና ማዕቢሉ ዝወጽእ ዘተኣማምን ዲሞክራስያዊ ሓይሊ ክፍጠር ይግብኦ።

ህልው ስርርዕና ንሃገራዊ ዲሞክራስያውን ንቕሓትና ክብ ኣብ ምባል ዓብይ እጃም ተጻዊቱ እዩ። ነዚ ቁምነገር እዚ ክሕድና ንቕድሚት ክንስጉም ኣይንኽእልን። እዚ ሕጂ እንርእዮ ዘለና ዲሞክራስያዊ ቃልስታት መቐጸልታን ዝለዓለ ደረጃን ናይቲ ዝሓለፈ ዲሞክራስያዊ ቃልስታት ህዝቢ ኤርትራ እምበር ካብኡ ተነጺሉ ደው ዝብል ፍሉይ ተሞክሮ ኣይኮነን። እቲ ብሕጂ ካብ ህሉው ፖለቲካዊ ስርርዕና ማዕቢሉ ክመጽእ እንጽበዮ ዝማዕበለ ምትእኽኻብ ውን ንሕሉፍን ህሉውን ዲሞክራስያዊ መኽሰባት ህዝቢ ኤርትራ ኣኽቢሩን ሓሊዩን ዝቕልቀል ምዃኑ ክሰሓት ኣይግብኦን።

እቲ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ብዝውቱር እንርእዮ ድኽመት ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ሓቅታት ምዝንጋዕ እዩ። ሓዲሽ ሓሳብ፡ ሓዲሽ ተበግሶ ኣይጽላእን ኣዩ። ነቲ ዝጸንሐን ዘሎን ኪሒድካ መተካእታ እየ እልካ ምእዋጅ ግን ንዲሞክራስያዊ ሓይሊ ዘድክም ኣመበር ዘሰስን ስራሕ ኣይኮነን። ዘተእማምን ሓይሊ ክነድቕ እንተድኣ ደሊና ነቲ መዓልቲ መዓልቲ ሓዲሽ ምትእኽኻብ ክንፈጥር እነጥፍኦ ዘለና ዓቕምታት ኣብ ሓደ ቦታ ተኣኪቡ ከድምፅ ክንጽዕር ይግባእ። ነቶም ዝጸንሑ፡ ነቶም ዘለው፡ ነቶም ብሕጂ ዝዕንብቡ ከማእክል ዝኽእል ራእይ ኣማዕቢልና ንዝለዕለ ምትእኽኻብ ክንሓስብ ይግባእ።

ንእግረ መንግድና ንሓደ ጉጉይ ርእዮቶ ገሊኦም ኣሕዋት ኣርምናዮ እንተሓለፍና ኣገዳሲ እዩ። " እዞም ኣሮግቶት ፖለቲካውያን ኣልጊሶም ንመንእሰያት ዕድል ክህቡ ኣለዎም " ዝብል ኣዘውቲርና እንሰምዖ ርእይቶ እዩ።ብመትከል መንእሰያት ኣብ ቃልስና ንኽሳተፉ ምትብባዕ ኣወንታዊ እዩ። ይኹንእምበር እቲ ጸገምና ብዕድመ ዝደፍኡ ፖለቲካውያን ኣብ ቃልስና ምህላዎም ኣይኮነን። ዕድመ ማለት ተሞክሮ ስለ ዝኾነ ንቃልስና ይሕግዝ እምበር ኣይዕንቅፍን እዩ። እቲ ዓንቃፊ ግን ብኣካል ምእራግ ዘይኮነስ ብኣተሓሳስባ ምእራግ እዩ።

ብኣተሓሳስባና ከይንኣርግ ንሕሉፍን ህልውን ቃልስታትና ኣወሃህድና ንቕድሚት ክንጥምት ኣለና። እቶም ጽጉብ ተሞክሮን ምዕቡል ዲሞክራስያዊ ኣተሓሳስባን ዘለዎም ኤርትራውያን ነተባብዓዮም ንደግፎም፡ ነቶም ብፍልጠቶም ጸጊቦም ብተሞክሮ ዝደኸሙ ውን ነተባብዓዮም። ተመላልእና ሓያል ዘተኣማምን ዲሞክራስያዊ ሓይሊ ንፍጠር። ምንዕዓቕ ግን ኣብ ዘብጽሓና የብሉን።ኣብቲ ነኣሽቱ መድረኻዊ ነጥብታት ክንካታዕ እንጥፍኦ ዘለና ግዜ ንቐጥቦ። ንስርዓት ህግድፍ ምልጋስ፣ ፍትሓውን ዶምክራስያውን ስርዓት ምትካል፣ ድኽነት ስዕርካ ብልጽግቲ ኤርትራ ምህናጽ ዝብሉ ስትራተጅካዊ ዓላማታት ኣተኣሳስርና ንሓዞም። ነዚ ኣጽኒዕና ሒዝና ኣብ ጐደና ዘየቕራጽ ቃልሲ እጃምና ኣበርኪትና ነቲ ዝተረፈ ንዝመጽእ ወለዶ ከነሰጋግሮ ብዕምቆት ንካትዓሉ። ዘተኣማምን መደብ ንስራዓሉ። ዘተእማምን ውዳበ ንፍጠረሉ። ነዚ ኹሉ ክንገብር ከኣ ናይ እንካን ሃባን ምቹእ ሃዋህው ንፍጠር፡ ነዚ ከይፈጠርና ሰፍ ዘይብል መድባት ኣብ ቅድመና እንተቐመጥና ዋጋ የብለን።

እዚ ርእይቶ እዚ ካብቲ መደባትና ሓቢእና ኣንጻር መለኺ ስርዓት ንጽመድ ዝብል ሓጺር ዝዕድምኡ ጻዊዕት ፍልይ ዝበለ እዩ። ከምኡ እንተኣድልዩና መደባትና ከይሓባእና ኣብቲ ዘራኽብና ነጥብታት ተወሃህድና ክንስራሕ ንኽእል ኢና። እቲ ኣብ ቃልስና ቦኺሩ ዘሎ ግን ንነዊሕ ጉዕዞ ዝተዳለወ ብንጹር ስትራተጂኣዊ ኣተሓሳስባ ዝተራኸበ ዘተኣማምን ስሙር ዲሞክራስያዊ ሓይሊ እዩ። ከምዚ ዝመስል ሓይሊ ካብ ህሉው ስርርዕና ማዕቢሉ ክፍጠር እነተኺኢሉ መብጽዓ ህዝብና ደጊሙ ከምዘይጥለም ርግጸኛታት ኮይንና ክንዛረብ ንኽእል ኢና።